# ኤርትራ፣ ምድሪ ባሕሪ
# ካልኣይ ክፋል
# ምፍንጃርን ኣገዳስነትን ኤርትራዊ ብረታዊ ቃልሲ

6



ደራሲ – ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ

ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ 1956-1958 ኣብ ግዜ ልፍንታዊ ቀዳማይ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ሱዳን [(1)]፡ ናይ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሰልፍታት፡ ፖለቲካዊ ደገፍ እኳ እንተ ረኸበ፡ ብዙሓት ኤርትራውያን ኣባላት'ዚ ፖለቲካዊ ቃልሲ ዘካይድ ውድብ ክጥርነፉን ክውደቡን ከኣሉ። እቲ ኣብ'ቲ እዋን ኣብ ሱዳን ዝቖመ መንግስቲ፡ ምስ ስርዓት ሃይለስላሰ ዝምድንኡ ብዋጋ ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራ ንምሕያል ብምብጋሱ፡ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ኤርትራውያን ኣብ ከተማታት ሱዳን፡ ብፍላይ ኣብ ከተማታት ምብራቕ ሱዳን ብኣሉታ ክጽለዉ ናይ ግድን ኮነ።
እድሪስ ከም ልማዱ፡ ኣብ እንዳ ሻሂ ኣቶ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ናይ ቅድሚ ቀትሪ ቡን እናሰተየ ከሎ፡ ብርሑቕ ሓደ ቀደም ዝፈልጦ ንጡፍ ሰዓቢ ዴሳዊ ሰልፊ ሱዳን ናብኡ ይመጽእ ከም ዘሎ ተዓዘበ። ድሕሪ ሓጺር ናይ ሰላምታ ምልውዋጥ፡-“ንጡፍ

---

[(1)] ቀዳማይ ልፍንታዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ሱዳን ካብ ዝተፈላለዩ ሰልፍታት ሓድነታዊ ሃገራዊ ሰልፊ፡ ህዝባዊ ሰልፊ፡ ዴሳዊ ሰልፊ፡ ሰልፊ ኡማን ካልኦትን ዝቆሜ ነበረ።

ኣባል ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ከም ዝኾንካ፡ ብገለ ብጾት ስለ ዝተሓበርኩ ምሳኻ ምርኻበይ ዘሐጉስ'ዩ።" በለ'ቲ ሱዳናዊ።
እድሪስ፡ በቲ ንጡፍ ሱዳናዊ ዝቐረበ ናእዳ እንዳ ተሰከፈ፡-"ኣርሕብ ቀደም በል። ብሓቂ፡ ብዛዕባ ፖለቲካዊ ኩነታት ዓደይ ዝግደስ ውልቀ-ሰብ እኳ እንተ ኾንኩ፡ ንጡፍ ኣባል ምንቕስቃስ ሓርነት ኤርትራ ግን ኣይኮንኩን።" ከብርህ ፈተነ።
"ንጡፍ ወይ ዘይንጡፍ ኣባል ኣይኮነን'ቲ ሕቶ፡ እቲ ኣገዳሲ ኮይኑ ዝስመዓኒ፡ ሓደ ንፍትሓዊ ጉዳይ ዝቃለስ ሰብ'ኻ።" ሞጎስን ናእዳን እናኣዛየደ በለ።
እድሪስ ርእሱ እናንቕነቐ፡-"ሓቂ'ዩ፡ በዓል ፍትሓዊ ጉዳይ'የ። ምስ ተደናገጽቲ ብፍላይ ሱዳናውያን መንእሰያት ክዛረብን ክካተዕን የገዲሰኒ'ዩ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ሓይልታት ሱዳን ዝረአ ዘሎ ፖለቲካዊ ህልኽ፡ ኣብ ምንታይ ከም ዝምስረት ንምፍላጥ የገድስ ስለ ዝኾነ፡ ፍቓደኛ እንተ ኾንካ ኸተብርሃለይ።" ብተገዳስነት ንኽፈልጦ ዝደለየ ኣቕረበ።
ንጡፍ ሱዳናዊ ፖለቲከኛ ፈታዊ ፖለቲካዊ ክትዕ ብምንባሩ፡-"ንሕና ሱዳናውያን ብፖለቲካዊ ኩነታት ሃገርና ጉዱሳት ብምዃና፡ ምስ ጎረባብትና ጉሉጻትን ኩፉታትን ክንኸውን'ውን፡ እንፈቱ ሰባት'ና።" ስምዒት ብዝተሓወሶ ተዛረበ።
እድሪስ፡ ምስ ንጡፍ ሱዳናዊ ፖለቲከኛ ክቀራረብ ድልየት ስለ ዘሕደረ፡ ዝያዳ ኣፍልጦ ንምርካብ ብዝብል፡-"ካብ ሓምሳታት ኣትሕዝና ጋሻታት ናይ'ዚ ሓው ህዝቢ ሱዳን ኮይና፡ ብሓባር ንነብር ኣሎና። ፖለቲካዊ ኣፍልጦና ብዛዕባ ፖለቲካዊ ምዕባለታት ሱዳን ድሩት ብምዃኑ፡ ህሉው ፖለቲካዊ ኩነታት ሱዳን ክትገልጸለይ በዓል ተስፋ እየ።" ዝነበሮ ርእይቶ ኣቕረበ።
ንጡፍ ሱዳናዊ ፖለቲከኛ፡ ፖለቲካዊ መልእኽቲ የመሓላለፍ ከም ዘሎ ብምርዳእ፡-"እቶም ፖለቲካዊ ልፍንቲ ዝገበሩ ሱዳናውያን ናይ ፖለቲካ ሓይልታት፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ንድልየትን ባህግን ጻዕረኛ ሰራሕተኛ ህዝቢ ንምጭባጥ ዝሰርሑ፡ ናበይ ከም ዘብጽሑና ትስሕቶ ኣይመስለንን።" ዕቱብ ኣርእስቲ ኣልዓለ።
እድሪስ፡ ነቲ ውሁብ ዕድል ተጠቒሙ፡-"ሱዳን ዓብን ሪሒብን ሃገር ስለ ዝኾነ፡ ሱዳናውያን ብዘይ ምዝንባል፡ ብኸመይ መገዲ ጂዮ-ፖለቲካዊ ረብሓታቶም የረጋግጹ ትብል?" ዝብል ኣገዳሲ ሕቶ ኣቕረበ።
ንጡፍ ሱዳናዊ ፖለቲከኛ ብኣዘራርባ እድሪስ እናተደነቐ፡-"ሕራይ፡ ሱዳን ከም'ቲ ዝበልካዮ ሓደ ሰፊሕ ሃገር'ዩ። ብወገነይ ሱዳን ኣብ ነንሕድሕዶም ዝገላበጡ ዝተፈላለዩ ረብሓታት ዝሓቑፍ እንተኾነ'ውን፡ ብዛዕባ'ዚ ብዕምቆት ንምዝራብ ግዜ ክንመርጽ ዘድል'ዩ..." ዘረብኡ ከይወደአ፡ እድሪስ ኮሎፎ፡-"ግዲ ኣይትግበር። ግዜ ስለ ዘሎና ኩላትና ክንጥቀም፡ እቲ ዘሎካ ሓበሬታ ከተቕርብ ኣቐድመ ክሕብረካ እፈቱ።" በለ።
ንጡፍ ሱዳናዊ ፖለቲከኛ፡ ብዘይ ገለ ምጥርጣር፡-"ብዛዕባ ዘመናዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ሱዳን ንምዝራብ ዘድሊ እንተ ኾይኑ፡ ገለ ንሱዳን ዝምልከት ጆኦግራፍያውን ታሪኻውን ሓቅታት ንምብራህ ኣገዳሲ ኮይኑ ይስመዓኒ። ሱዳን ብጆግራፍያዊ ኣቀማምጣ፡ ብዓይነት ህዝብን ስልጣነን ክረአ ከሎ፡ ዳርጋ ንእሽቶይ መልክዕ ኣፍሪቃ ዝሓዘ ሃገር'ዩ እንተ በልና ዝጋነን ኣይኮነን። ሱዳን ምስ ምብራቕ፡ ማእከልን ምዕራብን ኣፍሪቃ ጸላዊ ዝኾነ ፖለቲካውን ጆግራፍያውን ምትእስሳራት ዘለዎ፡ ምስ ትሮፒካዊ ኣፍሪቃ ድማ ብፖለቲካን ቁጠባን እናተወሳሰበ፡ ጽልውኡ ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃ ዘሕድር፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ኣፍሪቃ ዘለዉ ሃብታምን ጸላውን ሃገር እዩ። ብዛዕባ ዘመናዊ ታሪኽ ሱዳን ከም ሓደ ፖለቲካዊ መንነት ድማ፡ ምስ ምስፍሕፋሕ መግዛእቲ ቱርኪ፡ ኣብ ቀዳማይ 19 ክፍለ-ዘመን፡ ምስ ምቛም ባዕዳዊ

ማእከላይ መግዛእቲ ቱርኪ-ምስራዊ ካብ 1821 ይጅምር። ቅድሚ'ዚ ዝተጠቕሰ ወቕቲ ሱዳን ከም ኩለን ሃገራት፡ ሓደ ፖለቲካውን ምምሕዳራውን ምትእስሳር ዘይነበሮ፡ ብዝተፈላለየ ንግስነታትን ቀቢላታትን ይመሓደር ነበረ።" ዝብል ኣቕረበ።

"ብዛዕባ ኣመጻጽኣ መግዛእቲ እንግሊዝ ኣብ ሱዳን ብዙሕ ዝተፈላለዩ ርእይቶታት'ዮም ዝስመዑ። ገለ ወገናት፡ ሱዳን ብህርፋን ዝተፈላለዩ ጎረባብቱ ዝኾኑ ሓይልታት ኢትዮጵያውያን፡ ግብጻውያን፡ ካልኦት ንኤርትራ ዝገዝኡ ዝነበሩ ኢጣልያውያን'ውን ከይተረፉ ይጽሎን ይትንከፍን ነበረ።" ምስ በለ እድሪስ፡ ንጡፍ ሱዳናዊ ፖለቲከኛ ተቐዳድሙ ክምልስ ብምህንጣይ፡-"ህርፋን ጎረባብቲ ዝበልካዮ እሰማመዓሉ'የ። ብሪጣናውያን ብ 1898 ብመርሕነት ጀነራል ክትሽነር ንሱዳን ብምውራር፡ ህዝቢ ሱዳን ብኣስገዳድ፡ ብክልታኣዊ ኣንግሎ-ምስራዊ መግዛእቲ ዝፍለጥ ዝነበረ ስርዓት ክመሓዳደር ተበየነሉ። ምስ'ቲ ኩሉ ዝፍጸም ዝነበረ ግፍዕታት፡ ሱዳናውያን፡ ፖለቲካውን ዲሞክራስያውን መሰላቶም'ኳ እንተ ተሓሪሞም፡ ኢዶም ኣጣሚሮም ትም ኣይበሉን። ብኣንጻሩ ብዙሓት ህዝባዊ መልክዕ ዘለዎም ኣድማዕቲ ተቓውሞታት ከካይዱ ተራእዩ። ንኣብነት እቲ ካብ 1910-1924 ብሽም "ማሕበር ጻዕዳ ብሪጌድ" ዝፍለጥ ዝነበረ፡ ኣማስያኡ ብሓይሊ ዝተጨፍለቐ፡ ዝተረፉ ኣካየድቱ ዝተቐትሉሉን ዝተኣስሩሉን፡ ገሊኦም ድማ ንወጻእን ንባሕር-ኣልቓዛል ዝተሰዱን ዝተሓየሩን፡ ገሊኦም ከኣ ኣብ ሆስፒታላት ክመቱ ዝተበየነሎም፡ ተቓውሞ ክጥቀስ ይከኣል። ከም መቐጸልታ፡ ሓድነታዊ ሃገራዊ ሰልፍን ሰልፊ ኡማን ተቓውሞኦም ንፖሊሲታት መግዛእቲ ከሕይሉ ብምርድዳእ፡ ሓደ ልኡላውነቱ ዘረጋገጸ መንግስቲ ከቑሙ ብታሕሳስ 1955 ተሰማምዑ። በዚ መሰረት ብጥሪ 1956 ናጻ ናይ ሱዳን ስርዓት ከም ዝቐውም ብወግዒ ስለ ዝተኣወጀ፡ መግዛእቲ እንግሊዝ ኣቑሑቱ ጠቕሊሉ ነቐለ።" ብብሩህ መንገዲ ፖለቲካዊ ታሪኽ ሱዳን ክገልጽ ፈተነ።

ንጡፍ ሱዳናዊ ፖለቲከኛ ቅሩብ ከዓርፍ እኳ እንተሓሰበ፡ ዋና እንዳ ሻሂ ኣቶ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ናብኦም ገጹ ይመጽእ ከም ዘሎ ምስ ተዓዘበ፡ ዘረብኡ ኣቋሪጹ ክሳዕ ዝጽንበሮም ድሕሪ ምጽናሕ፡-"እንተኾነ ህዝቢ ሱዳን፡ ናጽነት ዝረኸበ'ኳ እንተኾነ፡ ክሳዕ ሎሚ ሓድነትን ቅሳነትን ዝሰፈኖ ሱዳን ንምምስራት ዝነበረ ሕልሚ ብብዙሕ ዝተሓላለኸ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን ምኽንያታት ኣብ ግብሪ ክውዕል ኣይከኣለን። ቀንዲ ሽግራት ድማ ብኸም'ዚ ክግለጽ ይከኣል።" ኢሉ ቀጸለ።

ብንጡፍ ሱዳናዊ ፖለቲከኛ ዝቐረቡ፡ ኣገደስቲ ፖለቲካዊ ጉዳያት ብመጠኑ ከብርህ ብምምጻእ፡ ኣቶ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ነቲ ሱዳናዊ ፖለቲከኛ እናጠመተ፡-"ህዝቢ ሱዳን ናጽነቱ ካብ ዝእውጅ፡ ካብ ጸገማትን ሕልኽላኻትን ምምስራት መንግስታዊ ሰርዓታት ክገላገል ኣይከኣለን። ቀንዲ ጠንቂ ናይ'ዚ ጸገም ናይቶም ብሃይማኖታዊ ወይ ጸቢብ ስነ-ሓሳብ ዝተኣሳሰሩ፡ ኣብኡ ዝምርኮሱን፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ዝጨበጡ ድሑራት ሹማምንትን ሓለፍትን፡ መግዛእቲ ብሪጣንያን ሰዓብቱን ክኾኑ ከለዉ፡ ካልኦት ከም ምስኣን ፍትሓውነት፡ ብዙሕነት'ቲ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ግምት ዘይምእታዉ፡ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካውን ባህላውን ለውጥታት ኣብ ሕብረተ-ሰብ ንምምጻእ ዕቱብ ጻዕሪ ዘይምክያድ፡ ግብራዊ ፖለቲካዊ ተሳታፍነት ዘይምርግጋጽ፡ ንዘጋጥሙ ሽግራት ንምዕባስ ተባሂሉ ስማዊ ፖለቲካዊ ተሳታፍነት ምዝውታር፡ ምጥፋእ ማዕረ ዕድላት፡ ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ሃብቲ ምኽዕባትን ምዕሩይ ዘይኮነ መደባት ልምዓትን ኣገልግሎታትን ዝኣመሰሉ ረቛሕታት ተወሲኹዎም። እዚ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ሱዳን ፖለቲካዊ ስልጣን ዝብሕት፡ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባውን

**ማሕበራውን ሓለፋታት ዝረክብ ላዕላዋይ ማሕበራዊ ቀጸላ ክፍጠር ናይ ግድን ኮነ።” ብብሩህ መንገዲ ንዘለዎ ትንታነ ኣቕረበ።**
**ንጡፍ ሱዳናዊ ፖለቲከኛ ነቲ ብወገን ኣቶ ማሕጁብ ዝተገልጸ ኣድናቖቱ እናገለጸ፥-“ብስንኪ ማሕበራዊ ኣቃውማን ምትእትታው መግዛኣቲ ብሪጣንያን ዝተፈጥረ ማሕበራዊ ደርቢ፥ ነቲ ዓብይ ተስፋ ዝተነብረሉ ቀዳማይ ባይቶኣዊ ፖለቲካዊ ስርዓት** (1956-1958) **ኣብ ውሽጢ’ቲ ብዝተፈላለየ ማሕበራዊ ኣቓውማ ዝተመስረተ ሕብረተ-ሰብ ብማዕርነትን ሕድሕዳዊ ምክብባርን ንኸይሰርሕ፡ ተሳትፎ ኩሎም ማሕበራውያን ሓይልታት ሕብረተ-ሰብ ዘረጋግጽ ፖለቲካዊ ስርዓት ንኸይፍጠር ዓንቃፊ ተራ ተጻወተ። እዚ ብምኳኑ ድማ፡ ሓደ ንፖለቲካዊ ህይወት ሱዳን ዝቆጻጸር፡ ብጀነራል ኢብራሂም ዓቡድ ዝምራሕ ምልካዊ ወተሃደራዊ ስርዓት ኣብ ስልጣን መጸ።”**
**ግዜ ምፍናው ምስ ኣኸለ፡ ተኣከብቲ፡ ኣብ ዝሓጸረ ካልእ ኣጋጣሚ ክራኸቡ ድሕሪ ምስምማዕ ብሰላም ተፈላለዩ።**